

# Orientation to Ontario

## ድሕረ-ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ



1-855-626-0002
https://orientationontario.ca



**ትፈልጥ ኔርካ ዶ?**

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከባ ሞያ ዘዕጥቓ ናይ ግሊ ኮለጃት፡ ከም’ተን ናይ ህዝቢ ኮለጃት፡ ብማዕረ መንገዲ ምቁጽጻር ዝግበረለን ስለዘኾና፡ ዝለዓለ ክፍሊት’የን ዘኽፍላ።

ንዘለዉ ኲሎም ዕድላት፡ ተጠንቂቕካ ክትፍትሾም ኣገዳሲ እዩ።



### ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን

ኮሌጃት፡ ኣብ ቴክኖሎጂ፣ ጥዕና፣ ንግዲ፣ ምእንጋድ፡ ቱሪዝም፡ ከምኡ’ውን ካልኦት ናይ ስራሕ መዳያት ስራሕ ክረኽቡ ዘዳልዎም፡ ኣብ ሞያ-ዘተኮረ መደባት ትምህርቲ ይህቡ እዮም። መደብ ወረቐት ምስክር ኮለጅ ዝበዝሐ ግዜ፡ ናይ ሓደ ዓመት ዝወስድ ትምህርቲ ይሓትት። መደብ ዲፕሎማ ኮሌጅ ድማ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመት ዝወስድ ናይ ሙሉእ-ጊዜ ትምህርቲ ይሓትት። ብዛዕባ ኮለጃት ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ’ዚ መርበብ ሓበሬታ ብጻሕ። ontariocolleges.ca

ዩኒቨርሲቲታት፡ ናይ ቅድመ-ምረቓ (bachelor’s degree) ከምኡ’ውን ናይ ድሕረ-ምረቓ (master’s and Ph.D. degrees) መደባት ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብምቕራብ፡ ናይ ኣርትን ሳይንስን ከምኡ’ውን ናይ ትምህርቲ፡ መድሃኒት፡ ሕግን ምህንድስናን ዝኣመሰሉ ፍሉይ ሞያዊ መደባት ትምህርቲ ይህብ።

ብዛዕባ ዩኒቨርሲታት ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምፍላጥ፡ ኣብ Ontario Universities’ Application (ማእከል መመልከቲ ዩኒቨርቲስታት ኦንታርዮ) ouac.on.ca ብጻሕ።

### ቅበላ

ብሓፈሻ፡ ኣብ ኮለጅ ወይ ኣብ ዩንቨርሲቲ ወይ ተቐባልነት ክትረክብ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ወይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ይሓትት። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዘይወድእካ እንተኾንካ፡ ብመሰረት ዘለካ ትሞኩሮ፡ ከም ብሱል ተማሃራይ ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። ብሱላት ተማሃሮ ዝበሃሉ፡ ዕድሜኦም 19 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ኮይኖም፡ ዜግነቶም ካናዳውያን ወይ ተቐማጦ ካናዳ ክኾኑ ኣለዎም።

ብዛዕባ ቅበላ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዝምልከት ኣገደስቲ ዕለታት ክትመሃር እንተደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ Ontario Universities’ Application (ማእከል መመልከቲ ዩኒቨርሲቲ ኦንታርዮ) ብጻሕ። ontariouniversities.ca ፈትሽ።

ኣብ ኦንታርዮ ብዙሓት ቦርድታት ቤት ትምህርቲ፡ ንእኹላት ሰባት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ፕሮግራማት ዲፕሎማ ብናጻ ይቐርበሎም። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ዌብሳይት ናይ’ቲ ከባቢኻ ዝርከብ ቦርድ ቤት ትምህርቲ ብጻሕ።

ብዘይካ’ዚ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዲፕሎማ ኣብ ኦንላይን ክትውድእ ዝከኣል እዩ። ኣብ Independent Learning Centre (ማእከል ብውልቂ ምምሃር) ilc.org ብጻሕ።

ናይ’ቶም ኣብ ካልእ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ዝወዳእካዮም ኮርሳት፡ ክሬዲት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ነፍሲ-ወከፍ ኢንስቲትዩት ናይ ባዕሉ ናይ መምዘኒ መስርሕ ኣለዎ።

ብዛዕባ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ Ministry of Colleges and Universities (ሚኒስትሪ ስልጠና፡ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን) ብጻሕ፡ ontario.ca ተወከስ።

ብዛዕባ ብቋንቋ ፈረንሳይ ዝምህራ ኮላጅትን ዩኒቨርስቲታትን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ Ministry of Training, Colleges and Universities (ሚኒስትሪ ስልጠና፡ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን) ብጻሕ፡ findlink.at/Frenschool ተወከስ።

### ገንዘባዊ ሓገዝ

ኣብ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን ኦንታርዮ ዘለዉ ተማሃሮ፡ ካብ Ontario Student Assistance Program (OSAP - መደብ ገንዘባዊ ሓገዝ ተመሃሮ ኦንታርዮ))፡ ገንዘባዊ ሓገዝ ንኽረኽቡ ብቑዓት ክኾኑ ይኽእሉ።  ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ’ዚ ዝስዕብ መርበብ osap.gov.on.ca ብጻሕ።

ፈዴራላዊ ምምሕዳር እውን፡ ብመንገዲ Canada Student Loans program (መደብ ለቓሕ ተማሃሮ ካናዳ) ኣቢሉ ገለ ገንዘባዊ ደገፍ ወይ ምወላ ይቕርብ እዩ፡ ኣብ’ዚ ዝስዕብ canlearn.ca ብጻሕ።

### ንስራሕ ዘዳሉ ስልጠና

ሰልጣኒ ስራሕ፡ ኣብ ስራሕ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ምኩር ሰራሕተኛ ክኢላዊ ንግዲ ዝመሃር ሰብ እዩ። ከም መጠን ሰልጣኒ ስራሕ፡ ኣብ ትምህርቲ ከለኻ ከም ደሞዝ ዝወሃበካ ሰራሕተኛ ኢኻ ትሕሰብ። ብኸምዚ ዓይነት መገዲ፡ ብዓይነቶም ልዕሊ 150 ዝኾኑ ትምህርቲ ክኢላዊ ንግዲ ምምሃር ይከኣል እዩ።

ብዛዕባ ንስራሕ ዘዳሉ ስልጠና ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ’ዚ ዝስዕብ ብጻሕ findlink.at/trades ተወከስ።

ንተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ፡ ብዛዕባ Ontario Youth Apprenticeship Program (መደብ ንስራሕ ዘዳሉ ስልጠና ኮተቴ ኦንታርዮ) ዝምልከት ኣብ oyap.com ተወከሱ።

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada